ናይ ከባቢ ሓደጋታትን ናይ ጥዕና ሳዕቤናትን

# ብካርቦን ሞኖክሳይድ ምምራዝ

## ናይ ምክልኻል መምርሒታት

**ብካርቦን ሞኖክሳይድ ካብ ምቅላዕ ክትከላኸሉ ትኽእሉ ኢኹም**

- እቲ እትጥቀምሉ ናይ መውዓዪ ሲስተም፣ ከምኒ ናይ ማይ መውዓዪ ከምእውን ካልእ ናይ ጋዝ፣ ዘይቲ፣ ወይ ፈሓም መንደዲ እትጥቀምሉ መሳርሒታት ኩሉ ብቕዓት ብዘለዎ ተክኒሻን ዓመታዊ ከም ዝምርመር ምግባር።
- ኣብ ገዛኹም ብባተሪ ዝሰርሕ ናይ CO ሓባሪ ኣእትዉ ደሓር ኩሉ ግዜ ጽድያ ወይ ሓጋይ ኮይኑ ሰዓታት ናይ መዓልቲ ክትቕይሩ ከለኹም ነቲ ባተሪ መርመርዎ ወይ ቀይርዎ። እቲ ናይ CO ሓባሪ፡ ድምጺ ምስ ዝገብር፡ ካብቲ ገዛ ወጺእኩም ቀልጢፍኩም 911 ደውሉ።
- ምምራዝ ተጌሩ ኣሎ ኢልኩም እንተደኣ ጠርጢርኩም እሞ ርስኹም እንተደኣ ዜርኩም፣ ጭርውርው እንተደኣ ኢልኩም፣ ወይድማ ዕግርግር እንተደኣ ኢልኩም ብቑልጡፍ ናብ ሓኪም ኪዱ።
- ጀነሬተር፣ ናይ ፈሓም መጥበሲ፣ እቶን፣ ወይውን ካልእ ብበንዚን ወይ ብፈሓም ዝነድድ መሳርሒ ኣብ ውሽጢ ገዛኹም፣ ኣብ ትሕቲ መሬት ዘሎ ክፍልኹም ወይ ጋራጅኩም፣ ወይድማ ኣብ ጥቓ መስኮት ብሙኻን ኣይትጠቀሙ።
- እቲ ማዕጾ ዋላ እኳ ተኸፊቱ እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ምስ ገዛኩም ልጉብ ዝኮነ ጋራጅ ኰንኩም ናይ ንእሽቶ ወይ ናይ ዓባይ መኪና ሞተረ ኣይተልዕሉ።
- ዝኾነ ይኹን ነገር፡ ኣየር ኣብ ዘይኣትወሉ እቶን ወይ ናይ ሓዊ መንደዲ ኣይተንድዱ።
- ገዛኹም ብናይ ጋዝ እቶን ጌርኩም ከተሙቑ ከይትፍትኑ።